ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ትግራይ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑትን ጎማን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 21, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 3, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 3, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

1 በቲ ዘፈር ንግዲ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድን : መለለይ ቁፅሪ ግብሪ ከፋላይ ከቅርብ ዝክእል

2 ሓድሹ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት

3 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኮኑ

4 መከበሪ ጨረታ 15000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

5 ሰነድ ጨረታ ብክልተ ፖስታ ሐደ ዓይነት ዝኮኑ ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ፊርማን ማህተምን ናይቲ ትካል ከቅርብ አለዎ

6 ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ 500 ቅርሺ ብምክፋል ምልክት ካብ ዝወፀሉ 19/2/2018 ዓም አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ትግራይ ወይድማ ከተማ ማይጨዉ ቢሮ ቁፅሪ 84 ምዉሳድ ይከኣል

7 እቲ ጨረታ ሳንዱቅ 3/3/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ትግራይ ወይድማ ከተማ ማይጨዉ ቢሮ ቁፅሪ 84 ይክፈት

8 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ በቲ ዝተጠቀሰ ዕለትን ሰዓትን ይክፈት

9 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

10 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

11 ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ 40 መዓልቲ ይከዉን

12 ዝሰዓረ ተጫረቲ ኣብ ከተማ መቐለ 05 ዝረከብ ናይ ያሬድን ግደይን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር ሃርመኒ ጋራጅ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ አታዊ ይገብር

13 ሰዓራይ ምስተፈለጠ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ መዓልቲ ዉዕሊ ክእስር ዝክእል
14 ናይ ዉዕሊ መከበሪ ካብ ጠቕላላ ዝሰዓርዎ መጠን 10 ሚእታዊ ብስፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ አለዎም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0347771009 / 0996903271 / 0914297564

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle